# ናይ DeKalb County School District ናይ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ (Pre-Kindergarten) ናይ ኦንላይን ምዝገባ ብተደጋጋሚ ዝሕተት ሕቶታት

## <u>ተሳተፍቲ ናይ 2024-2025 ናይ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ ናይ ኦንላይን ቅድመ-ዕጫ</u>

*እዚ ኽፍሊ-ዚ፡ ኑቶም ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ኣብ ዝካየድ ዕጫ ቅድሙ-መዋዕለ-ቆልዑ 2024-2025 ንዝምልከት መስርሕ መመልከቲ ንኽመልሑ ግዱሳት ዝኾኑ ወለዲ/መጉዚት ሓበሬታ ዝህብ እዩ። ዝቕጽል ስጉምታት ንኽትወስዱ ዝሕግዘኩም ኣብዚ ሰነድ'ዚ ተሪፉ ንዘሎ ኩሉ ክፍልታት ኣንብብዎ።*

**ተማሃራይ ኣብ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ንኽምዝገብ ክህልዎ ዘለዎ ዕድመ ክንደይ እዩ፧**
ውላድኩም፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024-2025 ናብ ትምህርቲ ንኺኣቱ ብቑዕ ዚኸውን፡ ዕለት ልደቱ፡ ኣብዚ ስዒቡ ዘሎ ዕለት ወይ ኣብ መንጐ'ቲ ዕለታት ኣብ ዘሎ ግዜ ኪኸውን ይግባእ፥ ካብ 2 መስከረም 2019 - 1 መስከረም 2020።

**ውላደይ፡ ካብ ዞባ ትምህርቲ ዲስትሪክት ቤት-ትምህርቲ ዲካልብ ካውንቲ (DCSD) ወጻኢ ዝቕመጥ እንተኾይኑ፡ ኣብዚ ፕሮግራም ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ክሳተፍ ብቑዕ ድዩ፧**
ኣይኮነን። መንበሪ ኣድራሻኹም፡ ኣብ ዞባ ዲስትሪክት ቤት ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ ምስዘይከውን፡ ኣብዚ ክትምሃሩ ብቑዓት ኣይኮንኩምን። ኣድራሻኹም፡ ኣብ ዞባ DCSD ከምዘሎ ርግጸኛታት እንተዘይኴንኩም፡ ንዕኡ ንምርግጋጽ፡ ን[ኣመልካቲ ቤት-ትምህርቲ]() ከፊትኩም ርኣዩ።

**ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣብ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ ከመልክት ይፍቀደለይ ድዩ፧**
ኣይፋል። ዝምልከተኩም እንተኾይኑ፡ ኣብ ቴማዊ ቤት ትምህርቲ (theme school) ወይ Coralwood ወይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ገዛ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ theme school ወይ Coralwood ንኽተመልክቱ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም፣ ኣብኡ ምስዘይትመረጹ ድማ ብኡንብኡ ኣብ ዝርዝር ኣስማት ተጸበይቲ ከምእትኣትዉ ኺግበር እዩ።

**ውላደይ፡ ኣብ መውዓለ-ህጻናት ክምዝገብ ብቑዕ ምስዝኸውን፡ ግን ከኣ ኣብቲ ብኽፍለ-ሃገር ዝምወል ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት እተማህረ ምስዘይከውን፡ ኣብ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ንኽምሃር ክምዝገብ ብቑዕ ድዩ፧**
ውላድኩም፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024-2025፡ ተማሃራይ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ንኺኸውን ብቕዓት ንኽህልዎ፡ ኣብ ትምህርቲ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ብምስታፍ (ብሓባር ብምምሃር) ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ መዋዕለ ህጻናት ከመሃር ዘድሊ እንተኾይኑ ንምውሳን፡ ናይ ውልቂ ውጥን ትምህርቲ (Individualized Education Plan (IEP)) ክህልዎ ይግባእ።

**ውላደይ፡ ኣብ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ንኽምዝገብ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ባዞ ዝሰልጠነ ክኸውን ይግባእ'ዶ፧**
ውላድኩም፡ ከም ምኽዳን ክዳን፡ ምውጻእ ክዳንን ምጥቃም ባዞን ዝኣመሰለ ባዕልኻ እተካይዶ ዕማማት ክፍጽም ንኽኽእል ትጽቢት ይግበረሉ። ቆልዑ፡ ኣብ ቅድመ-መዋእለ-ህጻናት ቅድሚ ምእታዎም፣ ኣጠቓቕማ ባዞ ክፈልጡ ይግባእ። ወለዲ፡ ሓደጋ ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን ክጽውዑ እዮም፣ ረሰሓት ክዳውንቶም ንኽቕይሩ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ክጽውዑ ይከኣል እዩ። ተማሃሮ፡ ክፋል ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (IEP) ወይ ውጥን 504 እንተዘይኮይኑ፡ ብእግሪ ዝወጽእ ምሉእ ክዳን ክኸደኑ የብሎምን፣ እቲ ቆልዓ፡ ኣብ ናይ ሓገዝ ክፍሊ ምስዝህሉ፡ ብፍሉይ ሓገዝ ዝህብ መምህር/ተሓጋጋዚ ደገፍ ክውሃቦ ይኽእል እዩ።

**ከም ሰራሕተኛ DCSD መጠን፡ ኣብ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ብቐጥታ ይኣቱ'ዶ፧**
ኣይኮነን። ከም ሰራሕተኛ DCSD መጠን፡ ልክዕ ከም ኩሉ ሰብ፡ ብተመሳሳሊ መስርሕ ዕጫ ክትሓልፉ ይግባእ። እንተኾነ ግን፡ ሰራሕተኛታት ኣብ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ክኣትዉ ቅድሚ ምኽኣሎም፡ ብፍሉይ ዝርርባት ኺካየድ እዩ። ንመዘኻኸሪ ጽሑፍ ተሳተፍነት ሰራሐተኛ ኣብ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ DeKalb ንኽትረኽቡ፡ ብኽብረትኩም ንኣማሓዳሪ ቤት ትምህርትኹም ወይ ቤት ጽሕፈት ቅድመ ቆልዕነት (Early Childhood Office) ተወከሱ።

**ውላደይ፡ IEP ኣለዎ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ DCSD ኣይተመዝገበን ኣሎ። ውላደይ፡ ዕጫ ምስዝበጽሖ፡ ኣብቲ ዘለዎ ናይ ገዛ ቤት ትምህርቲ ከምዝጸንሕ ድዩ ዝግበር፧**
ኣብዚ ግዜ'ዚ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ (IEP) ዘለዎ ኣመልካቲ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ብራይት ፍሮም ዘ ስታርት (Bright from the Start (BFTS)) ንኽምሃር እተመርጸ ምስዝኸውን፡ እቲ ኣመልካቲ፡ ብመሰረት ዘድልዮ ውልቃዊ ትምህርቲ፡ ኣብ ናይ ሕብረት ትምህርቲ BFTS ንኽግዕዝ ተኽእሎ ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣስተብህሉ፥ ኣብያተ-ትምህርቲ ቲም (Theme)፡ ንBFTS ዘካተተ መምሃሪ ክፍልታት ኣይሕዛን እየን።

**ሰለስተ ዓመት ዝገበረ ውላደይ፡ IEP ኣለዎ፣ ኣብ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም ክፍሊ DCSD ድማ ተመዝጊቡ ኣሎ፣ ስለዚ፡ ኣብ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ ከመዝገቦ ይግብኣኒ ድዩ፧**
ኣይፋል። ተማሃሮ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ ብሃውራዊ መስርሕ ምርጫ ዕጫ ዝምረጹ ስለዝኾኑ፡ እቶም ውልቃዊ ውጥናት ትምህርቲ(IEP) ዘለዎም ተማሃሮ፡ ከም ኣካል ናይቲ ብጉጅለ IEP ንፍሉይ፡ ውልቃዊ ድሌታት ተማሃራይ ዝምልከት እተዋህበ ውሳኔ፡ ንIEP ተማሃራይ ዘድሊ ደገፍን ኣገልግሎታትን፡ ፍሉይ መደብ ትምህርቲ ከምዝውሃቡ ክኾኑ እዮም። ናብ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ ቅድሚ ምእታውኩም፡ ንድሌታት ውላድኩም ብዝበለጸ ከምልስ ብዛዕባ ዝኽእል ኣገባብ ትምህርቲ ቅድመ-ቆልዕነት ዝምልከት ሕቶታት ምስዝህልወኩም፡ ንጉዳይ ናይ ውላድኩም ንዝከታተል ሓላፊ፡ ንፍሉይ ትምህርቲ ዝህብ ቀንዲ መምህር ወይ ንኽፍሊ ፍሉይ ትምህርቲ ኣብ https://www.dekalbschoolsga.org/exceptional-education ንኽትውክሱ ለበዋ ይቐርበልኩም።

**ተማሃራይ፡ ኣብ ዕጫ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ ንኽኣቱ ንኽመልከት ዘድልዮ ሰነዳት ከመይ ዝበለ እዩ፧**
ምስክር ወረቐት ልደት፡ ምስክር ሕጋዊ መጉዚት (ስም ወላዲ/መጉዚት ኣብ ምስክር ወረቐት ልደት ምስዘይህብሉ)፡ ምስክር ወረቐት መንነት ወላዲ/መጉዚት፥ ከምኡውን መረጋገጺ መንበሪ። ጠቕላላ ዝርዝር ናይቲ ዘድሊ ኩሉ ሰነዳት ምስ ደቂቕ ሙብርሂ ሓበሬታ፡ ኣብ መልጕም "ዘድልዩ ሰነዳት (Required Documents)" ወይ ኣብዚ ዚስዕብ ሊንክ https://www.dekalbschoolsga.org/pre-k/ ብምጥዋቕ ኪርከብ ይከኣል እዩ።

**ብኦንላይን ኣብ ዚካየድ ናይ 2024-2025 ዕጫ ቅድመ-መዋእለ ህጻናት (Pre-K Online Lottery) ንኽመልከት ድሉው ስለዘሎኹ፡ እቲ ክገብሮ ዘሎኒ ዝቕጽል ነገር እንታይ እዩ፧**
ነቲ ተሪፉ ዘሎ ትሕዝቶ ናይዚ ሰነድ'ዚ ብምልኣት ምስኣንበብኩምን እቲ መመልከቲ ዕጫ ዚኣትወሉ ግዜ ምስተኸፍተን፡ ኣብ ታሕቲ ሊንክ ኣብ ዚርከብ "ሕጂ ኣመልክቱ (Apply Now)" ኣብ ዚብል መልጕም ጠውቑ። እዚ ድማ መመልከቲ ዕጫ ቅድመ-መዋእለ-ቆልዑ ናብ እተቕርብሉ መርበብ-ሓበሬታ ኪወስደኩም እዩ። ኣብ መቐበሊ ገጽ ናይዚ መርበብ-ሓበሬታ'ዚ፡ ኣብ መስርሕ መመልከቲ ዚሕግዘኩም መምርሒታትን ቪድዮታትን ክትረኽቡ ኢኹም። https://www.dekalbschoolsga.org/pre-k/

## ናይ 2024-2025 Pre-K ኦንላይን ሎተሪ ተሳተፍቲ

*እዚ ክፍሊ እዚ ኑቶም ኣብ 2024-2025 ኪይዲ ናይ ኦንላይን ዕጫ ዝተሳተፉን ኣብ ናይ ተሓላለውቲ ዝርዝር ከምዝኣተዉ ወይ ቦታ ከምዝረኸቡ ዝተሓበሮም ወለዲ/ኣለይቲ ሓበሬታ ዝህብ እዩ። ነቲ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኹሎም ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ናይ መወዳእታ ክፍሊ ምንባብኩም ርግጸኛታት ኩኑ።*

**እንድሕር ደኣ ቆልዓይ ኣብ እቲ ዕጫ ቦታ ረኺቡ/ባ፡ ቀጸልቲ ስጉምቲተይ እንታይ እዮም ክኾኑ?**
ውላድኩም፡ ቦታ ንኺውሃቦ ዕጫ ምስዝበጽሖን ንስኹም ድማ ኣብዚ ቤት ትምህርቲ ኪምሃር ምስትእደልዩን፡ ኣብ መቐጻጸሪ ሰሌዳ ናይ ወላዲ ኣብ ዝርከብ ከምእተቐብልክሙዎ እተረጋግጽሉ መልጕም (accept button) ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ብኽብረትኩም ጠውቑ። ክትቕበልዎ እንተዘይመሪጽኩም ድማ ከምዘይተቐብልክሙዎ ኣብ እተረጋግጽሉ መልጐል (decline button) ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ብኽብረትኩም ጠውቑ። እቲ ቤት ትምህርቲ፡ እንድሕር ደኣ ዘይንበብ ወይ መዓልቲ ዝሓለፎ ኮይኑ ሰነድ ደጊምካ ንኽለኣኽ ክሓትት ይኽእል እዩ። ኣብ https://www.dekalbschoolsga.org/online-registration/ ንዚርከብ ፖርታል ናይ ኦንላይን ምዝገባ ብምጥቃም ንመስርሕ ናይ ኦንላይን ምዝገባ "ሓድሽ ተማሃራይ (New Student)" ምልኡ።

**እንድሕር ደኣ ኣብ ከይዲ እቲ ሎተሪ ቆልዓይ ኣብ ናይ ተጸበይቲ ዝርዝር ዝተቐመጠ ኮይኑ፡ ቀጺሎም ዝህልዉ ስጉምቲታተይ እንታይ እዮም ክኾኑ?**
ዝኾነ ን ናይ ሎተሪ ወንበር ዘይተመረጸ ተምሃራይ ብቐጥታ ኣብ ናይ ተጸበይቲ ዝርዝር እዩ ዝቕመጥ። ኣብ ተጸበይቲ ዝርዝር ከምዘለኹም ንዚሕብር ቍጽሪ ንኽትረኽቡ፡ ብኽብረትኩም ኣብ ፖርታል ወለዲ እተዉ። ወንበራት ክንጸጉ ወይ ክግደፉ እንከለዉ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ነቶም ኣብ እቲ ናይ ተጸበይቲ ዝርዝር ቀጺሎም ዝርከቡ ስርድራ ቤት ሓበሬታ ክህብ እዩ። ኣብ እቲ እዋን ንሱ፡ ናይ ቆልዓኹም ወንበር ሒዝኩም ንኽትቅጽሉ እቶም ቀጺሎም ዝውሰዱ ስጉምቲታት ክተማልኡ ኣለኩም። እቲ ቤት ትምህርቲ እቶም ን ምዝገባ ዝተመረጹ ተምሃሮ ብምፍላይ፡ ብዛዕባ እቶም ብመንገዲ ኤሌክትሮኒክስ ብ ኢሜይል ክላኣኹ ዘለዎም ሰነዳት ን ወለዲ/ኣለይቲ መምርሒታት ክህብ እዩ።

## እቶም ሓደሽቲ ኣብ ናይ 2024-2025 ናይ Pre-K ኦንላይን ሎተሪ ዘይተሳተፉ ኣመልከትቲ

*እዚ ክፍሊ'ዚ፡ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ኣብ ዝካየድ ናይ 2024-2025 መስርሕ ዕጫ ንኽሳተፉ ንዘይከኣሉ ከምኡውን መመልከቲ ዝርዝር ኣስማት ተጸበይቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ከባቢ ንእተሰደሎም ወለዲ/መጉዚት ዝምልከት ሓበሬታ ይህብ ነቲ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኹሎም ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ናይ መወዳእታ ክፍሊ ምንባብኩም ርግጸኛታት ኩኑ።*

**እንድሕር ደኣ ስድራ ቤተይ ኣብቲ ዕጫ ዘይተሳተፉ ኮይኖም፡ ንቆልዓይ ናይ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ ቦታ ንምርካብ ብኸመይ ከመልከት ይኽእል?**
ክፉት ቦታ ምህላዉ ንምርግጋጽ ምስ ቤት ትምህርቲ ተራኺብኩም ብምርግጋጽ ጀምሩ። እንድሕር ደኣ ክፉት ቦታ ሃልዩ፡ ናብ እቲ ቀጻሊ ሕቶ ይቐጽሉ። ቦታ ምስዘይትረኽቡ፡ መመልከቲ ዝርዝር ተጸበይቲ ክትመልኡ ይፍቀደልኩም እዩ፣ ነቲ መመልከትን ምስክር ልደትን ብኤለትሮኒካዊ መገዲ ብኢመይል ናብ ዝምልከቶ ናይ ቤት ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ስደዱ። እንድሕር ደኣ ናይ እቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ምዝገባ ምዱብ ሰብ መን ምዃኑ ዘይፈሊጥኩም፡ ምስ እቲ ቤት ትምህርቲ ተራኸቡ። እቲ መመልከቲ ዝርዝር ተጸበይቲ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ቅድመ-መዋዕሊ-ቆልዑ ናይ ዞባ ኣብ ዘሎ ታሕተዋይ ሸነኽ ሰሌዳ ሓፈሻዊ-መብርሂ (overview tab) ኪርከብ ይከኣል እዩ። www.dekalbschoolsga.org/pre-k ኣብ ትሕቲ መጠወቕ "ሕጂ ኣመልክት (Apply Now)" ኣብ ዝብል ኣብ ታሕታይ ሸነኽ ናይቲ ገጽ ክረከብ ይከኣል እዩ።

**እንድሕር ደኣ እቲ ቤት ትምህርቲ ክፉት ቦታ ዘለዎ ኮይኑ፡ ናይ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ ምዝገባ ንምክያድ ቀጺሎም ዝውሰዱ ስጉምቲታት እንታይ እዮም?**
ንሓድሽ መመልከቲ ምዝገባ ተማሃራይ (New Student Registration Application) ናይ 2024-2025፡ ኣብ ዝስዕብ ሊንክ https://www.dekalbschoolsga.org/online-registration/new-students/ ብምጥዋቕ ብማንዛዊ ኣገባብ ምልኡ።

**ሓደ ተምሃራይ ናይ ቅድመ-መዋዕለ-ቆልዑ ምዝገባ ንምክያድ ዘድልዮዎ ሰነዳት እንታይ እዮም?**
ኣጠቓላሊ ዝርዝር ናይቲ ዘድሊ ሰነዳት፡ ኣብ ዚስዕብ ሊንክ ኣብ ዝርከብ ሰሌዳ "Required Documents" ብምጥዋቕ ኪርከብ ይከኣል እዩ፥ https://www.dekalbschoolsga.org/pre-k/.

**እቲ ናይ 2024-2025 ሓዱሽ ተምሃራይ ምዝገባ ምልክታ መሊኣይ ምስ ወዳእኹ ቀጺሉ ዝኸዉን ነገር እንታይ እዩ?**
ኣብ ከባቢኹም ዚርከብ ቤት ትምህርቲ፡ ነቲ ክትገብርዎ ዘለኩም ቀጻሊ ስጉምታት ንኽሕብረኩም ኪውከሰኩም እዩ።

## ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኹሎም

**እንተ ደኣ ነቲ ናይ ጥዕና ክትባት ቅጥዒ 3231(Health Immunization Form 3231) ኣብቲ ትምህርቲ ዝጀመረሉ ግዜ ክቕርብ ዘይክኢለ እንታይ የጋጥመኒ?**
ፖሊሲ DCSD፥ ውላድኩም፡ ትምህርቲ ካብ ዝጀመረሉ ዕለት ወይ ዘብቅዓሉ ዕለት፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ንቕጥዒ ክታበት ጥዕና 3231 ኣብ ፋይል ክህልዎ ይግባእ ኢሉ ይጠቅስ እዩ። ነዚ ሰነድ'ዚ ብኤሌክትሮኒካዊ ኣገባብ ክትቀበሉን ክትልእኹን ጸገም ዘጋጥመኩም እንተኾይኑ፡ ብኽብረትኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ኢመይል ግበሩ። እቲ ቅጥዒ፡ ካብቲ ትምህርቲ ዝጀመረሉ ናይ ፈላማ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ዘይቐርብ እንተኾይኑ፡ እቲ/ታ ቆልዓ ነቲ ቅጥዒ ክይሓዘ/ት ወይ ናይ ቆጸሮ መረዳእታ ክይሓዘ ናብ ትምህርቲ ክምለስ ኣይኽእልን/ኣይትኽእልን። እቲ/ታ ቆልዓ ድሕሪ እቲ ቆጸራ ዝተሓደሰ ቅጥዒ ዘይቐርብ እንተኾይኑ ናብ ትምህርቲ ክምለስ/ክትምለስ ኣይኽእልን/ኣይትኽእልን። ውላድኩም፡ ነዚ ቅጥዒ ስለዘየረከበ ንተኸታተልቲ 10 መዓልታት ካብ ትምህርቲ ምስዘብኩር፡ እቲ ውላድኩም ኣብ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ንኽኣቱ እተዋህበ ቦታ ከምዝስረዝ ክኸውን እዩ።

**እንድሕር ደኣ ናይ ምስማዕ፡ ምርኣይ፡ ስኒ ን ናይ ኣመጋግባን ቅጥዒ 3300 (Hearing, Vision, Dental and Nutrition Form 3300) ኣብ መጀመሪ እቲ ትምህርቲ ከቕርብ ዘይከኢለይ እንታይ ከጋጥመኒ እዩ?**

ፖሊሲ DCSD፥ ውላድኩም፡ ትምህርቲ ካብ ዝጀመረሉ ዕለት ወይ ዘብቅዓሉ ዕለት፡ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት፡ እዚ ቅጥዒ'ዚ ኣብ ፋይል ክህሉ ይግባእ ኢሉ ይጠቅስ'ዩ። ነዚ ሰነድ'ዚ ብኤሌክትሮኒካዊ ኣገባብ ክትቀበሉን ክትልእኹን ጸገም ዘጋጥመኩም እንተኾይኑ፡ ብኽብረትኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ኢመይል ግበሩ። እቲ ቅጥዒ፡ ካብቲ ትምህርቲ ዝጀመረሉ ናይ ፈላማ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት ዘይቐርብ እንተኾይኑ፡ እቲ ቆልዓ ናብ ትምህርቲ ኪምለስ ኣይከኽእልን እዩ፣ እዚ ድማ እቲ ቆልዓ ካብዚ ፕሮግራም ከምዝወጽእ ኺግበር እዩ።

**ንተማሃሮ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ዝምልከት ፖሊሲ ተሳታፍነት ትምህርቲ ኣሎ'ዶ፧**

እወ፡ ን ናይ Pre-K ተምሃሮ ናይ ተሳትፎ ቁጽጽር ኣሎ እዩ። ተማሃሮ፡ ኣብ መዓልቲ ቅድመ-መዋእለ-ቆልዑ ብኣካል ክመጹ ትጽቢት ይግበረሎም፣ ተማሃሮ፡ ኣብ ሙሉእ እቲ ናይ ትምህርቲ ዘበን ዘሎ ናይ ትምህርቲ ሰዓት ንኽምሃሩ ትጽቢት ይግበሮም። እንድሕር ደኣ ሓደ/ንቲ ቆልዓ ንተኸታተልቲ 10 መዓልቲታት ብዘይ ናይ ሕክምና ምኽንያት ካብ ትምህርቲ ዝቐርይ ኮይኑ፡ እቲ ቆልዓ ካብ ትምህርቲ ብመሰረት እቶም መጀመሪያ ብ Bright ዝተጣየሹ መምርሒታት ከባረር/ክትባረር እዩ/ያ። ብተወሳኺ ድማ፡ እንድሕር ደኣ እቲ ቆልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝመጻሉ ግዘ ናይ ምርፋድ ወይ ቅድሚ ሰዓት ናይ ምኻድ ሕዱር ጸገም ዘለዎ ኮይኑ፡ እቲ ኣማኻሪ ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ን ወለዲ/ኣለይቲ ከዘራርብ እዩ።

**ን ናይ Pre-K ወለዲ/ኣለይቲ ዝኾኑ ናይ ተሳትፎ ሮ�METሒታት ኣለዉ ዶ?**

እወ፡ ወለዲ/ኣለይቲ ኣብ ኩሎም መደብ ዝተትሓዘሎም ምይይጣትን ኮንፈረንስታትን ብንኡሱ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜን ካብኡ ንላዕሊን ንዝኾን ግዜ ተሳትፎ ክገብሩ ትጽቢት ይግበር። እቲ ቤት ትምህርቲ ከምኡውን/ወይ ናይ ቅድመ-መዋእለ-ቆልዑ መምህር፡ምይይጣት/ኮንፈረንሳት መዓስ ከምዝግበር ክሕብርኹምን እቲ ዝተመደበ መዓልትን ሰዓትን ኣኼባ ድማ መዓስ ምዃኑ ሓበሬታ ክህብኹምን እዮም። እቲ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ብገምጋም ሓደ ሰዓት ዝወስድ እዩ።

**ኣብ ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት ዘይተመለሰ ሕቶ ምስዝህልወኒ'ኸ፧**

ብ[PreKRecords@dekalbschoolsga.org](mailto:PreKRecords@dekalbschoolsga.org) ገይርኩም ንቤት ጽሕፈት ቅድመ-ቆልዕነት ንኽትውከሱ ናጽነት ይሰማዕኩም።